# ባህርይ ክርስቶስ

## ብፓትሪያርክ ሺኖዳ ሣልሳይ

ትርጉም
ብ
ዶ/ር ሽምንዲ ኃይለ

ዋሽንግተን ዲሲ ሰሜን ኣሜሪካ
2001

## ምዕራፍ ፯

## ተዋህዶነትን ስቓይን

ብርግጽ፣ መለኮት ከም ሥጋ ኣይሳቐን እዩ። እንተዀነ እቲ ሥጋዊ ባህርይ፣ ብስቓይ ኪሓልፍ እንከሎ፣ መለኮት ምስኡ ሓቢሩ ነበረ። ስለዚ ስቕያቱ ኣብ ልዕሊ እቲ ሓደ ባህርይ ዝዀነ ክርስቶስ ነበረ እምበር ኣይተነጻጸለን።

ካብዚ ተላዒሎም ድማ እዮም፣ እቶም ኣብ ኒቅያ ዝተጋብኡ ቅዱሳን ኣቦታት፣ ነዚ ኣብ ታሕቲ ተጻሒፉ ዘሎ ጸሎተ ሃይማኖት ዝደረሱ።

“ምእንታና ምእንቲ ሰብ ንድሕነትና ካብ ሰማያት ዝወረደ ብናይ መንፈስ ቅዱስ ስራሕ ካብ ቅድስቲ ድንግል ማርያም ፍጹም ሰብ ኰነ። ሰብ ኮይኑ ድማ ብጴንጠናዊ ጲላጦስ ዘመን ምእንታና ተሰቕለ፣ ሓሚሙ፣ ሞይቱ፣ ተቐብረ፣ ኣብ ቅዱሳት መጻሕፍቲ ተጻሒፉ ከም ዘሎ ድማ ብሳልሰይቲ መዓልቲ ካብ ሙታን ተንሥኤ፣ ብኽብሪ ብምስጋና ናብ ሰማይ ዓረገ ብየማን ኣቡኡ ተቐመጠ” ዚብሉ።

ኣብዚ ዓቢ ፍልልይ ዘሎ፣ ሰብኣዊ ባህርይ ጥራይ ንበይኑ፣ ካብ መለኮታዊ ባህርይ ተፈልዩ ተሳቕየ ማለት፣ እቲ ስጋ ዝለበሰ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ኣብ መስቀል

ተሰቒሉ ተሳቕየ፡ ሞተ፡ ተቐብረ፡ ካብ ሙውታት ተፈልዩ ተንስኤ፡ ኢልካ ብሓደ ባህርይ ምእማን፡ ዘይተወሰነ ኣፍደገ ድሕነት ዝኸፍት ትምህርቲ ሓደ ባህርይ ጥራይ እዩ ምባል ይቐልል።

## ሕቶ መለኮትከ ተሳቕየዶ?

ንሕና ብወገንና መለኮት ከይተተንከፈ፡ ካብኡ ከይተፈልየ፡ ብምኽንያት እቲ ሰብኣዊ ባህርኡ፡ ኣብ መስቀል ምስ ተሰቕለ፡ ብሥጋ ክሳቐ ግድን እዩ ኢልና ንኣምን። ከምኡ ብምግባሩ እዚ ሰብኣይ እዚ፡ በቲ ምስ መለኮት ሓደ ኮይኑ ተዋጊኡ ኣብ መስቀል ምማቱ ድማ፡ ንኹላትና ደቂ ኣዳም፡ ኣብ ልዕሊ እቲ ጸላኢና ዝኾነ ሞት፡ ደረት ዘየብሉ ዓወት ኣብ ርእሲ ዓውት ኣጨቢጠና ኢልና እንኣምን። በዚ ድማ ኢዮም ኣቦታትና፡ ነቲ ብሓዊ ዝቐሐ ሓጺን ከም ኣብነት ዜቕርቡልና። ሓደ ሓንዳይ ንሓጺን ኣብ ማእከል ሓዊ ኣእትዩ፡ ነቲ ሓዊ ብመናፍሕ ንፋስ ይነፍሖ፡ በዚ ድማ፡ እቲ ሓጺን ረሲኑ ነቲ ሓዊ ምስ መሰለ፡ ካብቲ ሓዊ ኣውጺኡ፡ ነቶም ሓቢሮም ዘለዉ ሓውን ሓጺንን ብሓደ ድኣ የትብዖ (ይቕጥቅጦ) እምበር፡ ነቲ ሓጺን ካብቲ ሓዊ ፈልዩ ነንበይኑ ኣየትብዖን (ኣይቕጥቅጦን)። በዚ ድማ እቲ ሓጺን ንበይኑ ብመደሻ ተቐጥቒጡ፡ ናብ ዝተደልየ ቅርጺ ይቕረጽ፡ እቲ ሓዊ ግና ምሳኡ ኣይሳቐን።

ንስቅለት ጎይታ እንተ ተመልከትና ድማ፡ ሃዋርያ ጳውሎስ ንመራሕቲ ማሕበር ቤተ ክርስቲያን ኤፌሶን፡ ካብ ዝጸሓፎ ወርቃዊ ጥቕስታቱ፡ ከምዚ ኢሉ ይሓቶም፡ “ስለዚ ንርእሰኹምን ነታ ብገዛእ ደሙ ዘጥረያ ማሕበር ኣምላኽን (ጎይታ) ክትሕልዉ፡ መንፈስ ቅዱስ፡ ኤጲስቆጾሳት ገይሩ፡ ኣብኣ ዝሸመኩም ኩሉ መጓሰ ሓልዉ”። (ግብ፡20፡28) እዚ ሃዋርያ እዚ ግና፡ ከምዚ ዝኣመሰለ ስነ ጽሑፍ፡ ነቲ ንሕና ንምጉተሉ ዘሎና ሓደ ባህርይ፡ ማለት ነቲ ሥጋ ዝለበሰ ቃል ኣምላኽ (ሎጎስ) ሕያውዶ ኣይገብሮን? እቲ ኣብ መንጎ ክልተ ባህርያት ፍልልይ ኣሎ ተባሂሉ፡ ብንስጥሮስ እተኣወጀ ኣዋጅ፡ ናብ ድሕነትን ምሕረትን ኣምላኽ ከምርሕ፡ ዘይከኣለ ኮይኑ ስለ ዝተረኽበ ሓሳቡ ወደቐ። ካብዚ ተላዒላ ድማ እያ ተዋህዶ ቤተ ክርስቲያን፡ “ሓደ ባህርይ” ኢላ ብምእማን፡ ንደቂ ሰባት ናብ

ሓቀኛ ኣምልኾተ እግዚኣብሔርን መገዲ ድሕነትን ከምርሕ ይኽእል እዩ ኢላ እትቕበሎ።

ሰብ እንተ ሞተ፡ ኣቶ እከለ እምበር መይቱ ኢና ንብል እምበር፡ እዚ ስጋ ኣቶ እገለ መይቱ ኣይብልን። እታ ዘይትመውት መልክዕ ኣምላኽ ዝኾነት ነፍሲ፡ ኣብቲ ስጋ እቲ ሰብ እቲ ከም ዘላ ፈሊጥና፡ እዚ ነፍሱ እዚ ስጋኡ ከይበልና ብሓደ ኢና ንጽውዖ።

እንተደኣ እቲ ቀዳማይ ዕላማ ስጋውነት ንድሕነት ሰብ ኮይኑ? ድሕነት ብሰብኣዊ ባህርይ ጥራይ ዕላማኡ ክወቅዕ ኣይክእልን። በቲ ሓደ ዘይነጻጸል ባህርይ ምእማን ግና፡ ዝበለጸን ዘይከሓድን ኮይኑ ንረኽቦ። ምኽንያቱ፡ እቲ ስጋ ጥራይ ተሰቕለ፡ ተሳቐየ፡ ደሙ ፈሰሰ፡ ሞተ ኢልና ግና፡ ድሕነት ኣይተፈጸመን ኢና ንብል ዘሎና። እስከ ኣብ ቃል እግዚኣብሔር ብዛዕባ እግዚኣብሔር ኣቦ እንታይ ከም ዚብል ንመልከት።

"እቲ ንወዱ እኳ ምእንቲ ኩላትና ኣሕሊፉ ዝሃቦ እምበር ዘይነሓፎ፡ ከመይ ድኣኸ ኩሉ ምስኡ ዘይህበና"። (ሮሜ፡ 8፡32) ብተወሳኺ ካልእ ጥቅሲ ንመልከት፡

"በቲ ሓደ ወዱ ዝኣመነ ዘበለ ኩሉ ናይ ዘለዓለም ሕይወት ምእንቲ ኪረክብ እምበር ከይጠፍእሲ፡ ኣምላኽ ንወዱ በጃ ክሳዕ ዚህብ፡ ክሳዕ ክንድዚ ንዓ ለም ኣፍቀራ"። (ዮሃ፡3፡16)

"ፍቕሪ ማለት ከኣ ከምዚ እዩ፡ ኣምላኽ ባዕሉ ስለ ዘፍቀረና ንሓጢኣትና ኬርሕቕ ኢሉ ንወዱ ስለ ዝሰደደልና እዩ እምበር ንሕና ስለ ዘፍቀርናዮ ኣይኮነን" (1ዮሃ፡ 4፡10)

እምብኣርከስ፡ እቲ ብኣምላኽ መስዋእቲ ዝኸውን ዘሎ ወዲ ኣምላኽ እዩ። እቲ ሓደ ቦኽሪ ወዱ፡ እቲ ካልኣይ ኣካል ካብ ቅድስቲ ሥላሴ፡ እቲ ቃል (ሎጎስ)፡ ዋላ እኳ ኣብ መስቀል ይሙት እምበር መጽሓፍ ቅዱስሲ እቲ ሰብኣዊ ባህርይ ጥራይ ተሰውኤ፡ ወይ ከምኡ ዝኣመሰለ ኢሉ ኣይዛረብን። እዚ ንጹር ናይቲ ሓደ ባህርይ ዚኾነ ቃል (ሎጎስ) ጭብጢ እዩ። እስከ መሊስና እቲ ንድሕነት ኣድላዪ ዝኾነ ፍጻሜ ሓደነት ብተግባር ንመልከት።

መጽሓፍ ቅዱስ ከምዚ ይብል "ንሱ ካብ ሥልጣን ጸልማት ኣውጽኣና፡ ናብታ መንግሥቲ ፍቑር ወዱውን ኣእተውና። ኣብኡ ድሕነት ማለት ሕድገት

ሓጢኣት ኣሎና። ንሱ ናይቲ ዘይረኤ ኣምላኽ ምስልን፡ ልዕሊ ኩሉ ፍጥረትን ዝኾነ በዅሪ ወዱ ንእግዚኣብሔር እዩ። (ቈላ፡ 1፡13-15)

መጽሓፍ ቅዱስ ብዛዕባ እቲ ብደም ክርስቶስ ዝርከብ ሕድገት ሓጢኣት ክዛረብ ከሎ፡ ንሱ ክርስቶስ ባዕሉ መልክዕ እቲ ዘይረኤ ኣምላኽ ምዃኑ ብብሩህ ይዛረብ። እታ መንግሥቲውን ናቱ ከም ዝኾነት ይዛረብ። እዚ በቲ ሓደ ባህርይ ንሕድገት ሓጢኣት ዝተፈጸመ ጭብጢ ስለ ዝኾነ። ካብ ቃል ኣምላኽ ክንፍሕቆ ኣይከኣለናን።

ካልእ ነዚ ዝመስል ድማ፡ ክርስቶስ ባዕሉ ብዛዕባ እቶም ተንኮለኛታት ሓረስቶት ከምዚ ኢሉ መለሰ።

“ኣብ መወዳእታ ኸኣ “ንወደይሲ ይሓፍርዎ ግዲ ይኾኑ” ኢሉ ንወዱ ናብኣቶም ለኣኾ። እቶም ሓረስቶት ግና፡ ነቲ ወዱ ምስ ረኣይዎ፡ ንሓድሕዶም “እንሆ እቲ ወራሲኡ እዚ እዩ፡ ርስቱ ንኣና ኪኾነናሲ፡ ንዑ ንቕተሎ” ተባሃሃሉ። ሒዞም ካብቲ ኣታኽልቲ ወይኒ ንወጻኢ ኣውጺኦም ቀተልዎ። (ማቴ፡ 21፡37-39)

እምበኣርከስ ባህርይ እቲ ሓደ ወዲ ኣምላኽ ብስጋ ጥራይ ከም ዝሞተ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ዘይዛረቡ ካብ ኮነ፡ ምንጽጻሉ ሓዲግና፡ እቲ ምልእቲ ሕይወቱ በጃ ሂቡ ዘድሓነና፡ ዝባህርያቱ ሓደ ዝኾነ ክርስቶስ ምእማን ይበልጸና። ምኽንያቱ፡ መጽሓፍ ቅዱስ ባዕሉ፡ እቲ ካብ ክልተ ባህርያት ዝመጸ፡ ሓደን ዘይነጻጸልን ባህርይ ክርስቶስ፡ ምእንታና ሰብ ዚኾነ ኢሉ ካብ መሃረና፡ ንቀበሎ ድኣ እምበር፡ ነቶም ብዛዕባ ትስብእቱ ዝዛረቡ ዘለዉ ጥቅስታትሲ፡ ስቅ ከነብሎም ኢልና ኣይንፈትን።